# ንኣንበሳ ጭርሑ እናንስኻ ኪእዘዛካ ከተገድዶ ዘይከኣል'ዩ!

ኣብዚ ንሓዳሽ ዓመተ 2010 ኣረኪባትና ዘተፋነወት ዓመት፡ ኣብ ታሪኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓደ ኣዝዩ ዘሕንኽ ፍጻሜ ከምዝተፈጸመን፡ ንኹሉ ፈታው ሰላምን ፍትሕን ድማ ከምዘሕዘነን፡ ካብ ዅልና ዘተኸወለ ኣይኮነን። ቀንዲ ጠኞኢት ናይዚ ድሕሪ 60 ዓመታት ንኻልኣይ ግዜ ብግፍዒ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝፍጸም ዘሎ ዝሕንኽ ታሪኽ ከኣ፡ እታ ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰላትን ፍትሕን ዲሞክራስን'የ እናበለት እትመጻደቕ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ'ያ። ኣብ ታሕሳስ 1952 ሚስተር ጆን ፎስተር ዳለስ ዝተባህለ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ንኤርትራ ካብተን ብኢጣልያ ዝግዛኣ ዝነበራ መዛኑኣ ሃገራት ሊብያን ሶማልያን ብምንጻል ንኣኣተን ነጻነተን ኪወሃበን ከሎ፡ ንኤርትራ ግን ንስለ ጥቕሚ ኣመሪካ ኪብል ምስታ ካብኣ ኣዝያ ድሒራ ብመስፍንነት ትደሃኽ ዝነበረት ኢትዮጵያ ከምእትቖረን ገበረ። ከምቲ ኣበሃህላኡ፡ " ብዓይኒ ፍትሕን ከም ድሌት ህዝባን፡ ኤርትራ ነጻ ሃገር ክትከውን ምተገብአ። ንስለ ስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕርን፡ ንስለ ጸጥታን ሰላምን ዓለምና ኪበሃል ግን፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትቖረን ኣድላዪ ኰይኑ'ሎ።" ኪብል'ዩ ነቲ ዓመጽም ብንጹር ኣግሂዱዎ።

ጠሪጡስ እንተዝሓፍረልካ ከምዚበሃል ግን፡ ሕጂ ልክዕ ድሕሪ 67 ዓመታት ከኣ፡ እታ መሰል ሃገራት ኪሕሎ ኣለዎ እትብል ኣመሪካ፡ ነቲ ዘሕንኽ ተግባር ትማሊ 23 ታሕሳስ 2009 እንደገና ደጊማቶ'ላ። እቲ ኣብዚ ዕለት'ዚ ዝተፈጸመ ዘሕዝን ውሳኔ ከኣ፡ ሱዛን ራይስ ብዝተባህለት ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ዩ ተፈጺሙ። እዛ ኣብ ጸሊም ገጻ ስነ ኣእምሮ ጸዓዱ ዝሓዘት በዓልቲ ስልጣን፡ ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ሰበስልጣን ኤርትራ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝለመደቶ፡ ንሾሉ ሓሳባታ ኣሜን ኢሎም ስለዘይተቐበሉዋ ኰርያ፡ ከርእየኩምየ ኢላ ዝሓንሓነት፡ ርዝነት ዝወሓዳ በዓልቲ ስልጥን'ያ።

ሱዛን ራይስ ዘይበጽሓቶ ሓደ ዓቢ ቁምነገር ግን ኣሎ። ንሱ ድማ፡ ንኣንበሳ ብሓይሊ ኣገዲድካ፡ ከም ከልቢ ጭርሑ እናንስኻ ኣብ ትሕቴኻ ቊልዕጽዕጽ እናበለ ኪእዘዛካ ክትገብሮ፡ ከም ዘይከኣል ምርሳዓ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ንመግዛእቲ፡ ጸዕዳ ይኹን ጸሊም፡ ፈጺሙ ኣሜን ኢሉ ተንበርኪኹ ኣይፈልጥን'ዩ። ሓቂ ሒዙ ስለዚጎዓዝ ከኣ ዋላ እንተመረረ ኣብ መወዳእታ ከም ዚዕወት ስለዚፈልጥ፡ ብዝንቡዕ ፍርድን ማዕቀብን ርዒዱ ኪእዘዝ ይጽበዩ እንተልዮም፡ ማይ ከምዚሓቑኑ ይቕጽርዎ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

መትከል ኣስመሮም ሽወደን።